


# ስርሒት ፈንቕል ጨራ ምሉእ ብርሃን




ኣዘንትውለይ'ባ! እቲ ናይ ትማሊ ወዕሎ
ሓወልቲ ታሪኽ ሓበን ከርስኺ ዝደጎሎ
ገለ በሊ፡ ስጋለት ቀጣን ንህላዌና ዝምስክሮ
ናይ ዳዊትን ጐልያድን ጽምዶ ፡ ናጽነትና ዝወለዶ፡
ስጋለት ቀጣን! ኣዘንትውለይ ልክዕ ልክዑ
ተጋዳልይ ናባኺ ክምርሽ፡ እንኮ ጽንዓት ተኸልኩሉ
ወዲ ኣዳም ክንሱ ንሓጺን ዘምከኸ ብኣካሉ
ታሪኽና ብኣኺ'ዶ ኣይኮነን ዝገረመ ተኧሕሉ፡
ህላዌና ንምጥፋእ ዝደጋገም ዘይቅዱስ ኪዳን
ከምሕሱም ዳምዳም ንክርቢትን ላምባን
ከርሲ ዘጣመሮ ናይ ናጽነት ብርሃን
ዉሉድኪ'ዩ ተሰዊኡ ንዓኺ ንምድሓን፡
ተደብዩ ንሓዋሩ፡ ቆፎ መግዛትን ዕንደራን
በቲኸከዮ ቀለቤት ፡ ተንኮልን ሽሕጣንን
ኣበሲርክና ብስራት ናጽነትን ብርሃንን
ካልእ የሎን ዝኾነልኪ ቀለምን ማህደርን
ውሉድኪ'ዩ! ህያው ባይቶን ፈራድን፡
ስጋለት ቀጣን! ሃየ ተዛረቢ ውዕሎ ናይ ትማሊ
ሃገር ሎሚ ርስቲ ኣማን ናይ ህዝቢ
ገዝሚ ክብሪ ፡ ስፍራ ሕሩያት እንዲኺ
ዓምቢቡ በሊጉ እቲ ናይ ሓቂ ሕርያኺ፡
ውሽጥኺ ዝበርህ ረዚን ዝዕያሩ ሓይልኺ
ለበዋ ጀጋኑ እዩ ነይሩ ከብቅዕ ጸገምኪ
ኣብ ዚ ርህው እዋን ትፍተዊ ፍትውቲ፡
ዝተዓመ ዕዮ ቅድምን ድሕሩን
ሂወት ዝተጸፍዮ ንምህርትን ንዳእቱን
ብመስዋእቲ'ዩ ሓውዩ ኣይመስለንን ብጸሎትን ጸናጽልን
ናሓዋሩ ተደብዩ! ዛንታ ቅትለትን ቅብጸትን ፡
ዋሕዚ መትንታትኪ ቀይሕ ደም ዝሕብሩ
ንጹህ ምስጢሩ ፈለግ ታሪኽ ጀጋኑ ጸይሩ
መስዋእቲ ናይ'ቲ ጅግና`ዩ ምንጪ ጽባቐኡ፡
ጅግና`ዩ ጸዓት ኣካላትኪ ዘውዲ ህላዌኺ
መኸተ ህዝብኺ'ዩ ዝነድቆ ብራኽኺ
ሓለፉ ኩለን ፡ ልዕልቲ ተሰሚኺ
ኣፍ ኣውጺእኪ ፡ ገለ'ባ ሕሹኽ በሊ
ኣንፈት ቀጻልነትይ መንገደይ ከለሊ
ዓወት ንሓፋሽ !

ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡ 07.02.2020 ዝኽሪ ንስርሕት ፈንቅል

## ሕሉፍ ጽንዓት ፡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ፡